# ትሕዝቶታት

**ስደተኛታትን ቀይሕ መስቀልን**

መእተዊ 3

ቀንዲ ነጥብታት 4

**መደብ ሪሎኬሽኝ ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል**

ስርዓት ዳግመ ሰፈራ ስደተኛታት ኣብ ሕብረት ኤሮጳ 7

መደባት ዳግመ ምግዓዝን ምስፋርን ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል 7

ኣገባብ ኣተሓሕዛ ጠለብ ዕቆባ 8

**ቀንዲ ኣርእስትታትን ቅርጽታትን ጽጋዕተኛታት፣**

ፍልዩነት ሜካኒስም ኣወሃህዳ ጽጋዕተኛ ምስ ናይ

ካልኦት ጉጅለ ስደተኛታት 11

ቀንዲ ኣርእስትታትን ቅርጽታትን ዕግዕተኝነት 11

ባህላዊ ቅርጽታት 12

# ስደተኛታትን ቀይሕ መስቀልን

## መግለጺ

ኣብ ግዜና ልዕሊ ዝኾነ እዋን ዝበዝሐ ስደተኛታት ኣለዉ። ከባቢ 224 ሚሊዮን ህዝቢ ስደተኛታት እዮም።( 3,3% ህዝቢ ዓለም )፣ልዕሊ 22 ሚልዮን ከኣ ሓተትቲ ዕቆባ።( ኣሁግራዊ ረፖርት ስደተኛታት 2018- ዓለማዊ ዉድብ ስደተኛታት)።

ምስ ዘይንቡር ዋሕዚ ስደት ምስራሕ ፣ ናይ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ሂላልን ነወሕ ሱር ዘለዎ ባህሊ እዩ። ቀይሕ መስቀል ፣ ሰብኣዊ መሰላትን ግቡኣትን ልዕሊ ኩሉ ኣብ ግምት ብምእታው፣ስደተኛ ካበይ ቦታ ሰጊሩ ኣትዩ ብዘይገድስ ንኹሉ ስደተኛ ጉሊሕን ዘይተውሰነ ድጋፉ ብምቕራብ ኣገዳሲ ተራ ትጻወት።

ቀይሕ መስቀል፣ ነቲ ሓፈሻዊ ቦታታት መንቀል ስደተኛታት ኣትብሎም ንጹር ዝኾነ ስነ ልቦናዊ ገብረመልስታት ትበርክት። ንሳቶም ከኣ፣ዕደላ መግቢ፣ስነ ልቦናዊ ድጋፍ፣ጥዕናዊ ሓገዝ፣ጥርናፈ ስድራ፣ማሕበረ-ሰባዊ ምዉህሃድ፣ ንስደተኛ መሰላቱን ግቡኣቱን ኣፍልጦ ምሃብ፣ኣብ ምክትታል ተሞርከሰ ምሞራዕግን ዘይምምዕራግን ስደተኛ፣መምሪሕታትን መወከሲታትን ምቕራብ፣ተኣፋፍነት ንምቅላል ንቕሓት ክብ ኣብ ምባል፣ብኣሁጉራዊ ደረጃ ብሙምርካስ ምክልኻል ሰብኣዊ መሰላት ስደተኛ፣ ከምኡዉን ኣስተዋጽኦ መንግስትን ህዝብን ማዕከናት ዜናን ኣብ ፖሊሲ ሰብኣዊ መሰላት ክብ ምባል እዮም።

ሞንጎኘኘት ቀይሕ መስቀል ፖርቱጋል ኣብ ዓዉዲ ምቕባል ስደተኛታት፣ ማዕረ ምስቶም ቀዳምነት ብምሃብ ኩሎም ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ሂላልን ብኣሁግራዊ ደረጃ ዝሓንጸጽሉ ንጥፈታት እዩ።

እዛ መጽሓፍ ንኣብ ፖርቱጋል ንሳልሳይ-ሃገር ከኾኑ ዝኽእሉ ፣ኣገዳሲ ሓቤረታታት ትሕዝ።

# ቀይሕ መስቀልን ሰድተኛታትን

## ኣገደስቲ ነጥብታት፣

### ኣሁጉራዊ ዑቆባ፣

ኣብ ፖርቱጋል፣ ሕጊ ምሃብ ዕቆባ ቁ.27/2008 ተባሂሉ ይፍለጥ ፡፡( ሕጊ ምሃብ መሰል ዑቆባ) ምስ ምስንዳእ  ሕጊ ቁ. 262/2014 ንኣካይዳን ኩንታትን መሰል ፍቓድ ዑቅባ መስረት ዝገብር እዩ። መሰል ምሃብ ዑቆባ ብምክታታልን ምፍላጥን ኩነታት ስደተኛ  ይወሃብ ፡፡ወይ ከኣ ተወሳኺ ካለእ ዓይነት ድጋፍ ይወሃብ።መግለጺታት አዞም ኩነታት  ከኣ  ካብ መስርሕ 2011/95/UE ከምኡ ዉን ኩነታት ስደተኛ ዝምልከት ዋዕላ ጀነቫ ናይ 1995  ዝምንጭዉ እዮም።

### ሓታቲ ዑቀባ

ብዩን ዉሳነ ዘይተዋህበ  ንኣሁጉራዊ ዑቆባ (ኣካያይዳ ዕቆባ) ዝሓተተ ኣካል እዩ።

### ስደተኛ

ዝኾነ ኣክል ካብ  ብሰንኪ ፣ዓሌት፣ዜግነት፣ፖሎቲካዊ ተቓዉሞ፣ ኣባል ናይ ዉሱን ማሕበራዊ ጉጅለ ሙኳኑ ስቓይ ወይ ስግኣት ምስ ዝወርዶ ብኩዉን ምኽንያታትት ኣብ ሃገሩ ክነብር ዘይክእል ሰብ እዩ።

### ሪሎኬሽን

መጠን ብዝዝሒ ስደተኛታት ካብ ግሪኽን ኢታሊን ንምቅላል  ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤዉሮጳ  ዝካየድ ምትሕብባር ምግዓዝ ስደተኛታት  እዩ።

### ዳግመ ጥየሳ

ሓደ ካብቶም ሰለስተ ክዉናት  ዉሁድን ወለንታዉን መሰላት ስደተኛ  እዩ።

ዳግመ ጥየሳ ካብ መጀምርያ ውቅባ ዝሓተተላ ሃገር ኣብኡዉን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ክርከቡ ዝኽእሉ ናብ ቀዋሚ መሰል ፍቓድ ውቅባ ትህብ ሃገር ምግዓዝ እዩ።

## ተነቀፍቲ ጉጅለታት

ኣብ ኩሉ ጉጅለ ናይ ስደተኛታ ብፉሉይ ተነቃፊ ጉጅለ ከም፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ስንኩላት ፣ኣረግቶት፣ይርከቡ።ኣዚኦም ልዕሊ ክልተ ሲሶ (70 ካብ ሚእቲ) ጠቕላላ ብዝሒ ሒዞም ይርከቡ።

## መሰነይታ ዘይብሎምን ንጹላትን ህጻናት

ብመሰረት ሕግታትን ስምምዓትን መሰላት ትሕቲ ዕድመ ፣ካልእ ተጸራሪ ኣሁግራዊ  ስምምዖ ክሳዕ ዘይተርኸበ ፣ኩሉ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኡ ትሕቲ ዕድመ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

“ንጹል” ዝባሃል ኩሉ ካብ ወለዲ ወይ ዝከናኸንዎ ኣባላት ተፈልዩ ዝነብር ኣዩ(ኣዚ ግን ካብ ካልእ ኣባል ስድራ ምንጻል ብዘይገድስ) ስለዚ ወላ ምስ ሓደ ኣባል ዝተሰነየ ትሕተ ዕድመ ንጹል ክበሃል ይካኣል።

መሰንይታ ዘይብሎም ኣካላት ከኣ ካብ ወለዲ ወይ ኣባል ስድራ ወይ ዝኾነ ኣላይ ሰብ ዘይብሎም  ህጻናት ኣዮም።ብሕጊ ኸኣ ኣላይ ኣካል ክቕርቡ ይግባእ።ኣብ  ምምስራሕ ጠለብ ውቀባ ናይዞም ዉሱን ጉጅለ ፣ኣቲ ዝበለጸ ተገዳስነት “ብዘይ ምግላል” ክብርከተሎም ይግባእ።

## መትከላት ብዛዕባ ምምላስ ትሕቲ ዕድመ

ብመትከል ዋዕላ ጀነቫ ዓንቀጽ ቁ□33 ካብ ዋዕላ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ሰብኣዊ መሰል (ሳልሳይ ዓንቀጽ) ኩሉ ህጻን ብሰንኪ ዓሌት፣ሃይማኖት፣ዜግነት፣ ተሳትፎ ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ጉጅለ ፣ ብሰንኪ ሙኻኑ ስግኣት ወይ ሓደጋ ከጋጥሞ ምስ ዝኽእል ፣ክምለስ ኣይግባእን።ብመሰረት ላዕላይ ኮሚሽነር ስደተኛታት (UNCHR) ወላ መሰል ውቀባ ምስ ዝንጸግ፣ እዞም ዝተጠቕሱ መሰላት ክማላኣሎም ይግባእ።

# ቀይሕ መስቀልን ሰድተኛታትን

## ጥርናፈ ስድራ

ብመሰረት መትከላት ጥርናፈ ስድራ፣ *"ስድራ መሰረታዊ ኣካል ሕብረተሰብ ለዩ።ብደረጃ ሕብረተሰብን ሃገርን ከኣ ድጋፍ ክግበረሎም ይግባእ"።* ኣዚ መትከል ፣ጥርናፈ ስድራ ዘረጋግጽን ነቶም ጥርኑፋት ኣካላት ዉን መሰል ዑቆባ ዘማልእን ለዩ።

## ድንብር ዱብሊን

ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤዉሮጳ ወላኳ ዝተፈላለየ መትከላት ናይ ምቕባል ስደተኛታት ይሃልወን፣ ኣብ መቕባልን መሰል ቀዋሚ ፍቓድ ምንባር ኣብ ዝኾነት ሃገር ናይ ሕ.ኤዉሮጳ ዝምልከት ደንበርን ሕግታትን ናይ ስደተኛታት ብዝምልከት ግን ናይ ሓባር ኣካይዳ ኣለወን። ድንብር ዱብሊን ነቲ ብዋዕላ ጀነቫ ዝምልከት ጠለብ ዑቆባ ናይ ሓደ ኣካል ናይ ኣየነይቲ ሃገር ተሓታትነት ሙኧኑ የነጽር። ኣብ መብዛሕኡ እታ መጀመርያ ዘኣተወላ ሃገር እያ። ኣብ 2003 ኣዚ ድንብር ናብ ድንብር ዱብሊን 3 ተሰናድኡ። ኣብ 2008 ኮሚሽን ኤውሮጳ ፣ ኣብ ድንብር ዱብሊን ጽገናታትን ምምሕያሻታትን ኣቕሪቡ።እዚዉን ንደንበር ዱብሊን ናይ ሙቓም ዕድላት ከም ዝዓዝዝ ገይሩ።

## ስርዓት ድጋመ ምግዓዝ ስደተኛታ ኣብ ሕብረት ኤዉሮጳ

ኣብ 2015, ናይ ኣሁግራዊ ዑቆባ ጠለባት ብጉሊሕ ወሲኹ። ብፍላይ ኣብ ሃገራት ግሪኽን ኢታሊን።

ኮሚሽን ሕብረት ኤዉርጳ ካብዘን ሃገራት ጽዕነት ንምቅላል ፣ኣብ 2015 ናይ ህጹጽ ሜካኒስም ምግዓዝ ስደተኛታ ኣማዕቢሉ። ብሕ.ኤዉሮጳ  ከም ዝተገልጸ ዳግመ ምግዓዝ ማለት ናይ ሓደ ኣካል ሓታቲ  ኣሁግራዊ ዕቆባ ኣብ ሓንቲ ኣባል ሕ.ኤሮጳ ናብ ካልእ ኣባል ሃገር ምስግጋር እዩ።

ስርዓት ኤዉሮጳ  ኣብ ዉሽጢ ክልት ዓመታት ን 120 ሽሕ  ሰባት ንምግዕዓዝ ኣብ ግምት የእቱ። ዝበዝሐ ሰብ ንምቕባል ከኣ ብምልዛብ ዝተፈላለያ ኣባላት ሃገራት ኣቲ ግዜ ከም ዝናዋሕ ይግበር።ቀንዲ ናይዚ ፕሮግራም ቡቑዓት ዜጋታት ከኣ ፣ሶርያ፣ ኤርትራን ዒራቕን እዮም።

## መደብ ዳግመ ምግዓዝ ስደተኛታት ኣብ ፖርቱጋል

ነቶም ፍቓድ ናይ ኣሁግራዊ ዕቆባ ዝተወሃቡ ኣባላት ንምሕጋዝን ጠለባቶም ንምምላእን ፣ ፖርቱጋል ኣብ መወዳእታ ናይ 2015፣ **ጉጅለ ስራሕተኛታት ኣዉሮጳዊ ኣጀንዳታት ናይ ስደተኛ** *መስሪታ* (ስልጣነ ቁ.1oo41-A/2015). እዚ ጉጅለ ስራሕ፣ ብኣገልግሎት ስደተኛታትን (SEF) ካልኦት ዝተፈላለዮ ማሕበረ ሰባዊ ትካላት ከም ቀይሕ መስቀልን ዝተወሃሃደ እዩ።

## ኣካያይዳ ጠለብ ዕቆባ

ኣካያይዳ ጠለብ ዕቆባ ብዝምልከቶም በዓል መዝታት ዝካየድ ፣ኣዎንታዊ ወይ ኣሉታዊ መልሲ ክህልዎ ዝኽእል ጥርኑፍ ሕግታታን ምምስረሒታትን እዩ።

ኣገባብ ምምስራሕ ጠለብ ዕቆባ ናይ ብዳግመ ምግዓዝ ዝኣተወ ሰብ ምስ ኩሉ ኣመሰራራሓ ጠለባት ዕቆባ (ብመገዲ ጥልያን ወይ ግሪኽ ዝኣተዉ)ዝመሳሰል እዩ።ስለዚ፣ እዚ ዝስዕብ ንድፋታት ናይ መጀመርያ ደረጃታት ምምስራሕ ጠለባት ዑቆባ እዩ።

### ቀዳማይ መመስረሒ ደረጃ

ኣብ ፖርቱጋል ብኣየር ድሕሪ ምእታው ትካል ስደተኛታትን ዶብን (SEF) ምእካብ ሓቤሬታታት ከም ስእሊ ፣ዓሸራ ኣጻብዕ፣ ምግባር ይጅምር። ድሕሪኡ ናይዚ ሓበሬታታት ጸበጻብ ብይን ነቲ ሓታቲ ኣካል ተረክብ።እዚ ብይን፣ መሰላት ምምዝጋብ ኣብ ማእከል ጥዕና ፣ትምህርቲ፣ ከምኡዉን ስርዓት ኣገልግሎት ቀረጽ የዉሕስ።

### ካልኣይ ደረጃ መመስረሒ

ሓታቲ ዕቆባ ናብ (SEF) ክቐርብ ምልክታ ይወሃቦ።መግለጺታት ብዛዕባ መንነት ፣ዜግነት ሕሉፍ ኣድራሻ ፣ጉዕዞ ፣ ካልእ ንጠለቡ ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል መርትዖታትን መረዳእታታትን ምስ ካልእ ተወሳኺ ሓበሬታታት የቕርብ።

ኣብዚ እዋንዚ ፣ (SEF) ብሙሉኡ ኣገደስቲ ሓቤሬታታት ናይ ጠለብቲ ዑቆባ ይእከብ ።ኣብዚ ብሙምርኳስ ከኣ ብ(SEF) ዉሳነ ይብየን ።

## ሳልሳይ መመስረሒ ደረጃ

ብመሰረት ፍቓድ ጠለብ ወቕታዊ ፍቓድ መሰል መንበሪ(ARP) ይወሃብ ።ክሳዕ ናይ መወድኢታ ዉሳነ ዝወሃብ ከኣ ክሕደስ ይካኣል። ጠላቢ ዕቆባ ወቕታዊ ፍቓድ መንበሪ ምስ ዝረክብ ፣" *ብመሰረት ሓፈሻዊ ሕጊ ኣብ ዕዳጋ ሽቕለት ክሳተፍ ዉሕስነት ኣለዎ"።*

ዉሳነ ዕቆባ ኣወንታዊ ወይ ጭርነፋዊ ፍቓድ ምስ ዝረክብ እዞም ዝቐርቡ ዶኩመንታት ይወሃብ፣

## ቅዋሚ ፍቓድ ዕቆባ

ንሓሙሽተ ዓመት ናይ ፍቓድ ምጽናሕ ፣ዝኾነ ማሕበራዊ፣ ናይ ፖሊስ ብመሰርታዊ ግዳድ ምኽንያት ክሳዕ ዘይተዓንቀፈ ከኣ ክሕደስ ይካኣል።

## ናይ ስነ ልቦናዊ ምኽንያታት ፍቓድ ምቕማጥ

ድሕሪ ዉሳነ መሰል ስነልቦናዊ ፍቓድ ምቕማጥ ይወሃብ ን2 ዓመት ከኣ የገልግል።ብማሕበራዊ ፣ፖሊስ መሰረት ግዳድ ዕንቃፈ ክሳዕ ዘይተረኽበ ከኣ ክሕደስ ይካኣል።

ነቶም ጉጅለ ሰራሕተኛ ከም ተነግረ፣ኩሎም ብዳግመ ምግዓዝ ዝመጹ ጽግዕተኛታት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ዝጸንሕ ታሴራ ይወሃቡ።

ኩላቶም ዶኩሞንትታት ብክፍሊት ይሕደሱ፣

ኩላቶም ፍቓድ ዕቆባ ዝተዋህቡ ስደተኛታት ከኣ መሰል ጥርናፈ ስድራ ኣለዎም።

# ኣርእስትታርትን ቅርጽታትን ጽግዕተኛታት

## ፍልዩነት ሜካኒስም ዉህደት ጽጋዕታኛ ምስ ናይ ካልኦት ጉጅለ ስደተኛታት

ኣገባብ ኣዋሃህዳ ናይ ስነ ልቦናዊ ስደተኛታት (ጨርነፋዊ መሰል ዑቆባ ዘለዎም ስደተኛታት) ካብ ካልኦት ጉጅለ ስደተኛ ኣብ ብዙሕ መዳያት ይፍለዩ (ኣብ ሕብረት ኤዉሮጳ መሰል ምንቅስቓስ ፣ ናይ ኢኮኖሚ ስደተኛታት ከምኡዉን ብምኽንያት ስድራ ዝስደዱ)። ቀንዲ ፍልልይ መልክዕ ኣወሃህዳኦም ብዲሞግራፍያዊ ሜላታትን ከምኡዉን ካብ ዓዶም ዘውጽኦም ምኽንያት መሰረት ኣብ ናይ መጭረሽታ መዕልቦ ሃገር ናይ ነዊሕ ኣዋን ናይ ምጽናሕ መደብ ምህላውን እዩ።

ብስነ ልቦናዊ ምኽንያት ዝስደዱ ጽግዕተኛታት ብፍሉይን እሙትን ሓባራዉን ዝኾነ ግብረ መልሲ ዝግብኦም ተነቀፍቲ ጉጅለ ስደተኛታት እዮም። ብሰንኪ ተገዲዶም ካብ ዓዶም ምውጻኦምን ንሱ ዘስዕቦ ኣበረን ዝበዝሑ ስደተኛታት ግዳያት ናይ ስነ ኣእሙራዊ ስቓይ እዮም። ኣብ ናይ ዕዳጋ ሽቕለት ዕዉት ምስግጋር ዉን ዝለዓለ ዕንቅፋት የጋጥሞም። መብዛሕትኡ ኣዋን ከኣ ምስታ ተጸግዖም ሃገር ኣዝዩ ዉሑድ ዝኾነ ምትእስሳር ኣለዎም። ብቕዓታትን ተሞክሮታት ሞያኦምን ከኣ ኣብ ኣዝዩ ዝተፈልየ ሃዋህዉ ዘጥረይዎ ኣዩ። ዝበዝሑ ግዳያት ከኣ ንሞያኦምን ደረጃ ትምህርቶምን ዝምስክር ብቑዕ ሰነድ ከማልኡ ዘይክእሉ እዮም።

## ቀንዲ ኣርእስትታን ቅርጽታትን ጽገዕተኛታት

ናይ ሓንቲ ሃገር ዝዓበየ ጸጋ ካብ ብዝሕን ፍልዩነትን ባህልታት ህዝባ ይፍልፍል።

ኣብ ሞንጎ ስደተኛን ጽግዕተኛን ዘሎ ቀንዲ ፍልልይ ፣ጽግዕተኛ ኩሉ ግዜ ናብ ሃገሩ ክምለስን ከምኡዉን ኣብ ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤዉሮጳ ብሕጋዊ መልክዕ ክሰርሕ ዘይምኽኣሉን እዩ።

# ኣርእስትታርትን ቅርጽታትን ጽግዕተኛታት

ጽግዕተኛ ካብ ካልእ ዓይነት ስደተኛ ዝፈሊ ካልእ መልክዕዉን ንጽግዕተኛ ኣብ ፖርቱጋል ማሕበራዊ ወይ ናይ ስድራ ድጋፍ ክረኽቡ ዘይምኽኣሎም እዩ።

ከም ክዉንነት ናይ መበቆል ዓዲ፣ጽግዐተኛ ኣብ ፖርቱጋል ብዙሕ ምቅይያራት የካይድ። ዩክሬይን፣ ሶርያ፣ ዒራቕ ፣ፓኪስታን፣ ኮንጎ፣ ጊኒ ኮናክሪ፣ ኤርትራ፣ ማሊ፣ ኢራን፣ ኣብ ዝሓለፈ ዉሑድ ዓመታት ኣብ ፖርቱጋል ዑቑባ ዝሓተቱ ቀንዲ ዜጋታት እዮም።ባህግን መሰላትን ብተወሳኺዉን ኣብ ማሕበረ ሰብ ዝሓሸ ዉህሀድ ክገብሩ ከምኡዉን ክብረቶም ዘረጋግጽ ስራሕ ንምርካብ ብዛዕባ ክእለታቶምን ሞያታቶምን ኣፍልጦ ክግበረሎም ይደልዩ።

## ባህላዊ መልክዓት

### ኤርትራ

ብወግዒ ብሃገረ ኤርትራ እትፍለጥ ሓንቲ ካብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ እያ። ምስ ሱዳን ብምዕራብ፣ኢትዮጵያ ብደቡብ፣ ጁቡቲ ብደቡባዊ ምብራቕ ከኣ ትዳወብ። ምብራቕኝ ሴሜናዊ ምብራቕኝ ቦታኣ ከኣ ምስ ቀይሕ ባሕሪ ይዳወብ ። ኣዚ ኸኣ ምስ ስዑዲ ዓረብን የመንን ብቕጥታ የራኽባ። እኩባት ደሴታት ዳህላክን ሓንሸኝ ዉን ክፋል ናይ ኤርትራ እየን። ስፍሓታ ከባቢ 118,000 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ኣዩ።ብዝሒ ህዝባ ከኣ ከባቢ 5 ሚልዮን ።ርእሲ ከተማኣ ከኣ ኣስመራ እያ።

ሴማዊ ቋንቋ ዝመበቆሎም ትግርኛን ዓረብን ዓብለልቲ ቋንቋ ናይታ ሃገር ኣዮም።ቋንቋ ጥልያንዉን ብተወሳኺ ኣብ ህዝባዉን ንግዳዉን ሸቐጥ የገልግል። ቋንቋ ኢንግሊዝዉን ካብ ሻድሻይ ክፍሊ ትምህርቲ ዘገልግል ወግዓዊ መምሃሪ ቋንቋ እዩ።

ከም ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ኢኮኖሚ ናይ ኤርትራ ብቀንዲ ኣብ ህላወ ሕርሻ ዝተሞርኮሰ ኣዩ ። ልዕሊ 80% ህዝባ ከኣ ኣብ ሕርሻን ጥሪትን ይዋፈሩ። ኣብታ ሃገር ሓሓሊፎም ዘጋጥሙ ደርቅታት ከኣ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ዞባታት ሕርሻ ዓቢ ሃሰያታት የዉርድ።

# ኣርእስትታርትን ቅርጽታትን ጽግዕተኛታት

ዘተኣማምን መብረሀታት ወላኳ ኣይሃሉ ፣50% ህዝቢ ኤርትራ ሱኒ እስላም፣30% ክርስትና ኦርቶዶክስ፣ከባቢ 13% ሮማን ካቶሊክ ፣ዝተረፈ ትሕቲ 5% ጉጅለ ከኣ ፕሮቴስታንት፣ቀዳማዉያን፣መሰኻኽር የሆዋ፣ ቡድሂስም፣ሂንዱስ፣ ከምኡዉን ባሃያዉያን ሙኹኖም ይግመት።

ኣብ 2014, ኤርትራዉያን ፣ ብዝሒ ኣብ ኤዉሮጳ ዝኣተዉ ስደተኛታት ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዖም። ኣብ ሓጋይ ናይ 2015,ብማእከላይ ባሕሪ ንኣዉሮጳ ዝኣተዉ ስደተኛታት ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዖም። ኣብ ማእከላይ ባሕሪ እንዳ ሰገሩ ሂወቶም ዝሰኣኑ ስደተኛታት ልዕሊ ፍርቂ ኤርትራዉያን እዮም።

## ሶርያ

ወግዓዊ ስማ ዓረብ ርፑፐሊክ ሶርያ ፣ኣብ ምዕራብ ኤስያ ትርከብ ሃገር እያ። ብደቡብ ምስ ማእከላይ ባሕርን ሊባኖስን ፣ ብሰሜን ምስ ቱርኪ፣ ብምብራቕ ምስ ዒራቕ፣ ምስ ዮርዳኖስ ብደቡብ ከምኡዉን ምስ እስራኤል ብደቡባዊ ምዕራብ ትዳወብ። ብዙሕነት ዓለታዉን ሃይማኖታውን ኣቃዉማ ዘለዋ ሃገር እያ። ንምጥቃስ ዝኣክል ከም ዓረብ፣ግሪክ፣ኣርመን፣ዓሹሪ፣ ኩርዲ፣ ሲርካሳዉያን፣ ማንድያን፣ ቱርክን እዮም። ሃይማኖታት ከኣ ከም ሱኒ፣ ክርስትና ፣ዓለዊ፣ ድሩዝ ፣ ያዚዲ፣ እዮም። ሱኒ ዓረብ እቲ ዝበዝሐ ጉጅለ ናይታ ሃገር እዩ።

ዓረብ ወግዓዊ ቋንቋ ናይታ ሃገር እዩ። ቋንቋ ኩርዲ ዉን ኣብ ዞባታት ኩርዲ ብሰፊሕ ይዝረብ። ቋንቋ ቱርኪን፣ ኣርመንን ዉን ብዜጋታት ኣርመንን ቱርክን ይዝረብ። ብዙሓት ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎም ሶርያዉያን ዉን ቋንቋታት እንግሊዝን ፈረንሳን ክዛረቡ ይኽእሉ።

ሶርያ ኣብ ምዕባለ እትርከብ ሃገር እያ። ኣብ ሕርሻን ኢንዱስትሪን ጽዓትን ዘመጣጥን ኢኮኖሚ ከኣ ትምርኮስ።

# ኣርእስትታርትን ቅርጽታትን ጽግዕተኛታት

እታ ሃገር ካብ 2011 ክሳዕዚ ዘለናዮ ግዜ ኣብ ኲናት ትርከብ።ብመሰረት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ዉድብ ሕቡራት፣5.4 ሚልዮን ሶርያዉያን ድሕነት ንምርካብ ኣብ ካልእ ሃገራት ከም ዝኣተዉ ይግመት።ካብዘን ዝኣተዉወን ቀንዲ ሃገራት ከኣ ሊባኖስ፣ቱርክን ዮርዳኖስን እየን።

## ዒራቕ

ብወግዒ ብሪፑፐሊክ ዒራቕ ተባሂላ እትፍለጥ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ እትርከብ ሃገር እያ። ብሰሜን ምስ ቱርኪ፣ ብምብራቕ ምስ ኢራን፣ ብደቡብ ምስ ወሽመጥ ፋርስን ክዌትን ሱዕዲ ዓረብን፣ ብምዕራብ ከኣ ምስ ዮርዳኖስን ሶርያን ትዳወብ። ርእሲ ከተማኣ ከኣ ባቕዳድ ኣያ። ምስ ደንደስ ፈለግ ጢግሪስ ከኣ ኣብ ማእከል አታ ሃገር ትርከብ።

ስፍሓታ ከባቢ 437,072 ትርብዒት ኪሎ ሜተር እዩ። ብስፍሓት ከኣ ኣብ መበል 58 ደረጃ ትርከብ። ዒራቕ ብዓሌታውን ሃይማኖታዊን ብዙሕነት ዝቘመት ሃገር እያ።ዝበዝሑ ጉጅለ ዓረብ ኮይኖም፣ ኣብ ሰሜናዊ ዞባ ብጽቑዕ ዝርከቡ ኩርዲ (15%) ዉን ኣልዉዋ። ቋንቋ ዓረብ ወግዓዉን ልሙድን ቋንቋ ናይታ ሃገር እዩ። ኣብ ዞባ ኩርድስታን ዉን ከም ካልኣይ ቋንቋ ይዝረብ።

ዝበዝሑ ህዝቢ ዒራቕ (95%) ተኸተልቲ ሃይማኖት ምስልምና እዮም። ሃይማኖት ክርስትናን ዓሹርን ከኣ 5% እዮም። ሕዉስዋስ ህዝቢ ሺዓን ሱናን ከኣ ኣለዋ።

ኢኮኖሚ ዒራቕ ብቐንዲ ብጽላት ነዳዲ ይምራሕ ። ጠቕላላ 95% ካብ ስደዳት ናይታ ዓዲ ከኣ ይሸፍን።

ኣብ 2014 ኣብ ሞንጎ ሰራዊት ዒራቕን ዕጡቓት ጉጅለታትን ዝጀመረ ግጭት ኣብ ጽንኩር ኩነታት ይርከብ ። እዚ ኩነታት ከም ሳዕቤናት ናይቶም ዝሓለፉ ጎነጻት ፣ ብዓሌታዉን ዕጡቓት ጉጅለታትን እንዳ በኣሰ ኸይዱ።